ፍራንክፉርት፡ ጀርመን
16 ታሕሳስ 2018

# ሲምፖዝዩም ኤርትራ - ኣድላዩነት ሓባራዊ ስራሕ

## *ኣዋጅ ፍራንክፉርት 2018*

*ነቲ ንልዑላውነት ኤርትራ ዘንጸላሉ ዝነበረ ሓደገኛ ስግኣት ዝኣለየ ስምምዕ ሰላም ኤርትራን ኢትዮጵያን ብኣወንታ ብምቕባልን ቅልጡፍ ምምልካት ዶብ ንኺግበር ብምምሕጻንን፤*

*ምልዓል ማዕቀብ ሕሃ ከም ኣገዳሲ ምእላይ ናይ ሓደ መሰናኽል ንሃገራዊ ሓባራዊ ስምምዕ መጠን መርሓባ ብምባል፤*

*ኣድላዩነትን ትስፉው ትጽቢትን ሓቛፊ ሃገራዊ ዕርቂ ብምግንዛብ፤*

*ነቲ ርኡይ መንፈስ ሰላም፡ ሓርበኝነትን ሃገራዊ ሓድነትን ብምሕብሓብ፤*

ተሳተፍቲ ናይቲ ብኤሪ-ፕላትፎርም ኣብ ፍራንክፉርት፡ ጀርመን፡ ካብ 14 ክሳብ 16 ታሕሳስ 2018 ዚተሰላሰለ ሲምፖዝዩም ኤርትራ፡ ንዅሎም ኤርትራውያን ደቂ ሃገር፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ዳያስፖራን፡ ኣብ ተቓውሞ ዘለዉ ኰነ ኣባላትን ደገፍትን ናይቲ መንግስቲ፡ በዚ ኣቢሎም እዚ ዚስዕብ ጻውዒት የቕርቡ፡-

1. መሰረታዊ መሰላት ዜጋታት ዚሕሉን ልዑል ረብሓ ሃገር ዘውሕስን ቅዋማዊ መንግስቲ ንኺትከል ኪጠልቡን ብህጹጽ ንኺሰርሑን።

2. ንኣፍሪቃዊ ሕብረት፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ንመንግስታት ናይተን መሰጋገሪ ሃገራትን ዓለምለኻዊ ውድባት ሰብኣዊ መሰላትን፡ ሰብኣዊ መሰላት ናይቶም ኣብ ሕማቕ ዅነታት ናይ ዘይስሩዕ ስደትን ምትሕልላፍ ሰብኣዊ ፍልሰትን ዝርከቡ ኤርትራውያን ንምድሓን ምትእትታው ኪገብሩ ብትሪ ምጥባቕ።.

*ነዘን ኣዝየን ህጹጻት ዕላማታት ናይዚ እዋንና እዚኦን ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ናይ ዅሎም ግዱሳት ኤርትራውያን ዜጋታትን ፈተውቲ ኤርትራን ተሳትፎ ንምስላፍ ሓደ ዓለምለኻዊ ኣበራባሪ ሓይሊ ዕማም ኣቑምና ኣለና።*